Nationellt centrum mot hedersrelaterat våld och förtryck

Jämställdhetsmyndigheten

Migrationsverket

Polismyndigheten

Myndigheten för stöd till trossamfund

Socialstyrelsen

Åklagarmyndigheten

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ
**konsstympning.se** ንእቶ




# ብዛዕባ ገዛእ-ኣካላትና ክንውስን ሰብኣዊ መሰልና እዩ!

## ክሸቦ ኳለ’ንስተይቲ እንታይ እዩ?

ክሸቦ ኣዋልድን ዓበይትን ደቀ’ንስትዮ፡ ምህሳይ ወይ ምእላይ ከፊላውያን ባእታታት ግዳማዊ ርሕሚ ዘጠቓልለ ተግባር እዩ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩርናዕ ዓለምና ከጋጥም ዝኽእል እዩ። ኣብ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዝያዳ ልሙድ ተርእዮ እዩ።

ዝተፈላለዩ ኣገባባት ክሸቦ ኳለ’ንስተይቲ እዮም ዘለዉ፤ ምስ ዝኾነ ይኹን ሃይማኖት ወይ ባህሊ ድማ ፍሉይ ምትእስሳር የብሉን። ክሸቦ ኳለ’ንስተይቲ፡ ኣብ ልዕሊ እተኸንሸበት ሰብ ከበድቲ ኣካላውያንን ስነ-ኣእምሮኣውያንን ሳዕቤናት ክህልዋ ይኽእል።

## ሕክምና ወይ ሓገዝ የድልየና ዶ?

ሕክምና፡ ደገፍ ወይ ሓገዝ ዘድልየና እንተኾይኑ፡ ኣብ ከባቢና ንዝርከብ ትካል ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ንክሊክ መንእሰያት፡ ንጥዕናዊ ማእከል ወይ ንክሊኒክ መወልዳን ንወከስ። ኣብ ሽወደን፡ ክሸቦ ዘጋጠመን ደቀ’ንስትዮ ዝረኣያሎም ክልተ ናይ ፍሉይ-ሞያ ክሊኒካት ሆስፒታል ኣለዋ፦ Amel-mottagningen at Södersjukhuset ኣብ ስቶክሆልም፡ ከምኡ’ውን Vulvamottagningen at Angereds närsjukhus ኣብ ጎተንበርግ። ይኹን’ምበር፡ ኣበ’የናይ ኩርናዕ ሽወደን ኣለኽን ብዘየገድስ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ሕክምናን ደገፍን ክትረኽባ ትኽእላ ኢኽን።

ተማሃሮ እንተኼንክን፡ ንበዓል-ሞያ ምኽሪ ናይ ቤት-ትምህርቲ ወይ ንነርስ ቤት-ትምህርቲ ክትውከሳ ትኽእላ ኢኽን። ንስኻትክን ወይ ካልኦት ሰባት ግዳያት ገበናዊ ተግባር ምስእትኾና ወይ ሓደጋ ገበናዊ ተግባር የንጸላልወክን እንተሃልዩ፡ ኣባላት ፖሊስ እውን ክሕግዙኽን ይኽእሉ እዮም።



## ንወለዲን ቀረባ ኣዝማድን

ከም ወለዲ መጠን ንኣዋልድ ደቅና ካብ ኩላቶም ዓይነት ክሸቦ ኳለ’ንስተይቲ ክንከላኸለለን ግዴታ ኣለና።ከም ቀረባ ኣዝማድ መጠን እውን፡ ዝኾነት ትኹን ኣካል ቤተ-ሰብና ዝኾነት ጓል ናብ ክሸቦ ኳለ’ንስተይቲ ከምዘይትቃላዕ ናይ ምግባር ልዑል ተራ ኣለና።

ገለ እንፈልጣ ሰብ ጓል ግዳይ ክሸቦ ኳለ’ንስተይቲ ከይትኸውን ዝብል ስክፍታ ኣለና ዶ? ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ከተማና ንዝርከብ ትካል ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንወከስ (እንተደሊና፡ ሓበሬታ ከምዘመሓላለፍና ንኸይንፍለጥ ሰምና ክዕቀበልና ዝከኣል እዩ) ወይ ብቑጽሪ ተሌፎን 114 14 ናብ ፖሊስ ንደውል። ብዛዕባ ህጹጽ ሓገዝ ዘድልዮ ጉዳይ ብ 112 ክንድውል ይግባእ።

## ሕጊ እንታይ ይብል?

ብመሰረት ሕጊ ሽወደን፡ ኳለ’ንስተይቲ ምኽንሻብ ከቢድ ገበን እዩ። ኳለ’ንስተይቲ ክትክንሽብ ምፍታን፡ ንኽትክንሽብ ምድላዋ ወይ ካልእ ሰብ ክሸቦ ኳለ’ንስተይቲ ከምዝፍጽም ክትገብር ምፍታን እውን ገበን እዩ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ክሸቦ ኳለ’ንስተይቲ ንኸይፍጸም ሓበሬታ ምምሕልላፍ ወይ ምኽልካል ገበን ኣይኮነን። እዚ ገበናዊ ተግባር እዚ ኣብ ካልእ ሃገር ምስዝፍጸም እውን ኣብ ሽወደን ካብ ሕጋዊ ተሓታትነት ኣየድሕንን እዩ። ኣብ ሽወደን፡ ንኽልካሊ ሕጊ ክሸቦ ኳለ’ንስተይቲ ዝጥሕስ ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ክሳብ ናይ 10 ዓመታት ማእሰርቲ ክብየነሉ ተኽእሎ ኣለዎ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ናብ **konsstympning.se** ንእቶ